# ኤረ ንግስቲ ኩልና

14.02.2018

ብበላይ መስፈን

ኤርትራ ንስኺ ኢኺ ንግስትና
ካልእ እንታይ ንፈልጥ ወረዱና
ስቕ ኢልኪ ትርዩ ንምብትታንና
ሓዲኡ ግበሪ ፍጹም ከይጸነትና
ነጻ ንኽንወጽእ እወ ሓጊዝክና
ሓደ ክረግጸና ግን ስቕ ኢልክና
ሕመቕና ፈሊጥኪ ንዒ ደግፍና
ትፈልጥዮ ኢኺ ናይ ነዊሕ ወጽዓና

ዓለም ብምሉኡ ከይክዕበኪ
ንዒ ሓግዝና ዝገበርኪ ጌርኪ
ንኣኺ መን ኣሎ ዘሕምቐኪ
ፈጢርክና እምበር ምኣስ ፈጢርናኪ
ሓግዝና ንዒ ከም ቀደምኪ
እንተደለኺ ኩሉ ዘይስኣነኪ
ጸሊእኪ ከይንብል እንታይ በዲልናኪ
ሎሚስ ገጽኪ ምለስልና ንኹሉ ሓሲብኪ

ካባኺ ኢዩ እቲ ሓሳብ እቲ ንያት
ከምኡ’ውን ምስዓር ወይ ምዕዋት
ሓብርና ኩሉ ትፈልጥዮ ብልሓት
ዝሃብክና ተጨውዩ ኢዩ ብስሱዓት
ውረድ ደይብ ኮይኑ ጥራይ ጥፍኣት
በጃኺ እለይልና ነዚ ሕማቕ ስርዓት
መወዳእታ የብሉን ናቱ ክፍኣት
ሃቢ ሓሳብ ዝመርሕ ናብ ስርዓት

ብዘይናዕቢ መፍትሒ ርኸቢ
ደለይልና ንህዝቢ ዝናቢ
ሽግርና ክርከቦ ሓቐኛ መዕለቢ
ምስ ምልእቲ ዓለም ተዛረቢ
ዝሓይሽ መኺርኪ መልሲ ሃቢ

ጸቢቡና ከሎ ኣይጥዑምን እምቢ
ቅልጥፍ ኢልኪ ንዒ ምኽሪ ሃቢ
በዞም ንኣምነኪ እንከይትካዓቢ

ንፈልጥ ምዃንኪ ናትና ንግስቲ
ምእታኺ ኢና ከፊልና መስዋእቲ
ኣብ ትሕቴኺ ኢና ንመክር ንዝቲ
ተኸፊሉ ሂወት ተወዲኡ'ውን ሃብቲ
ንሕሰያ ዘይብሉ ረኺብና ገባቲ
የፍርሶ ኣሎ ንዝሰራሕናዮ ኣባይቲ
ተገዲድና ንብለኪ ንዒ ተመልከቲ
ንድሕነትና ምእንቲ ክትባላሓቲ

ሓሲብኪ መምዲዮ ንኹሉ
ዝሓሸ መፍትሒ ካኣ ርኸብሉ
እናጠፍኤ ህዝቢ ፋሕ ፋሕ ኢሉ
ኣይትግደፍዮ ኣካቢ ዘይብሉ
ናባኺ ኢዩ ብዘበለ ኣቢሉ
ከይትሓዝኒ ቁጽሩ እንተጎዲሉ
ድሮ እኳ እንሃለ ተጓዲሉ
ንዒ ኣክብዮ ንዘሎ ፋሕ ኢሉ

ሕራይ በልና ክንኣኻኽብ ሕጊ
ምስ በደልትና ክንገጥም ብዘንጊ
ህዝብና ክምራሕ ብስርዓት ብሕጊ
ንዒ ከይንተርፍ ብዘይ ሓድጊ
ከይነውሕ ጊዜ ኣልቦ ሕጊ
ኣፋ ኣትሕዝልና ንዘጋጊ
ዕድመ ክንገብረሉ ንኹሉ ሓጋጊ
ታኣኪቡ ክጽሕፉ ንንደልያ ሕጊ

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና